# ስለምንታይ ኢትዮጵያዶ? ስለዝምልከታ!!

ነቲ ብሰንኪ ዘይጥዑያትን ዘይሓላፍነታውያንን መራሕቲ ኤርትራ ብፍላይ ከኣ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ኣህዛብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብፍላይ ከኣ ኤርትራን ትግራይን ተፈጢሩ ዘሎ ጽልእን ቅርሕንትን ንምልዋጥን ሰላም ንምምጻእን ኣነ ንበይነይ ዘይኮንኩስ ካባይ ንላዕሊ ብዙሓት ለባማትን መስተውዓልትን ኢትዮጵያውያን ኮነ ኤርትራውያን ክብሉዎን ክጽሕፉዎን ዝጸንሑን ዘለዉን ኢዩ። ነዚ ቅዱስ ዓላማዚ ንምትግባር ከኣ ብኽልቲኡ ወገናት ዝተፈላለዩ ሰባት ብጽሑፍ ጥራሕ ዘይኮነስ ብግብሪ ብዙሕ ዝተፈላለየ ጻዕሪ የካይዱ ኣለዉ። እዚ ኮይኑ ግን ከምቲ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ኣርእስቲ ካብ ኣፍንጫኦም ንላዕሊ ኣርሒቖም ክርእዩ ብዘይክእሉ ገለ ሰባት ብኽልቲኡ ወገን ብዙሕ ብድዔን ጽልእን ክጽሓፍ እውን ይርኤን ይስማዕን ኢዩ።

ነዚ ኣብ ላዕሊ ኣርእስቲ ገሮም ዝጽሓፉ ሓው ብዘይካ ሓደ ትግራዋይ ብማለት ስሞም ኣይጠቐሱን። እቲ ትግራዋይ ዝብል ስምን ክብርን ግን ምስቲ ቃላቶምን ባህሪኦምን ስለዘይሰማማዕ ክሳብ ስሞም ዝፈልጥ **ኣቶ ዝገርሙ** ኢለ ክጽውዖም መሪጸ ኣሎኹ። ብዛዕባቲ ስለምንታይ ኢትዮጵያ ዝብል ሕቶኦም ዘሎኒ መልሲ ክገልጽ ከሎኹ ብዛዕባቲ ናይ ኣቡነ መን? ዝብል ዘይስነስርዓታዊ ቃል እንተኾነ ግን ኣቡን ዝብል ክቡር ስምን ሃይማኖታዊ መዓርግን ብምኳኑ ካብ በሃሊኡ ደጋሚኡ ከይኮነኒ ክሓልፎ ኢየ። ብመጀመርያ ግን መርበብ ኢንተርነት **ዓይጋ ፎሩም** ኣብ መንጎ ክልቲኡ ኣህዛብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ዓለምናን ሰላምን ርግኣትን ንኽህሉ ምስ ኩሉ ወገናት ዳህሳስ ብምክያድን ቃለመጠይቓት ብምድድላውን ዝገብሩዎን ዘካይዱዎን ዘለዉ ጻዕሪ ከየመስገንኩዎም ክሓልፍ ኣይደልን።

ቀጺለ ንኣቶ **ዝገርሙ** ሓወይ ክገልጸሎምን ከረድኦምን ዝደሊ ዓለም ምስ ጐረባብትኻን ምስ ካልኦት ሕብረተሰብን ተሓጋጊዝካን ተሳኒኻ ኮነ ተጻሊእካ ዝንበራ ፕላነት እምበር ንበይንኻ ተፈሊኻን ተኾርሚኻን ዝንበራ ብዓቲ ኣይኮነትን። ኢትዮጵያ ንኤርትራ ትፍተዋ ትጽልኣያ ከኣ ጐረቤታ ስለዝኾነት ኣብ ኤርትራ ዝፍጠር ምዕባሌታት ሰላም ኮነ ህውከት ይጸልዋን ይትንክፋን ኢዩ። **ኣቶ ዝገርሙ** ናይ ውልቆም ስምዒትን ርእይቶን ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ክንዲ ሙሉእ ህዝቢ ኢትዮጵያን ህዝቢ ትግራይን ወዳእ ነገርን ወሳንን ምኳኖም ብዘስምዕ ኣገላልጻ ፈኪሮምን ንሹላትና ኤርትራውያን ብሓንሳብ ወጊዞምናን ኰኒኖምናን። እዚ ግን ኣብኦም ጥራሕ ዘይኮነ ብዙሓት ኤርትራውያን እውን

ብዛዕባ ኤርትራውያንን ተጋሩን ሓደ ኣብ ልዕሊ እቲ ካልእ መን ዝያዳ ለዊሁን ሓጊዙን ተቓሊሱን ተሰዊኡን መንከ ጠሊሙን ክሒዱን በዲሉን ንታሪኽ ዝግደፍ ስለዝኾነ ከምቲ ናይ **ኣቶ ዝገርሙ** ሓወይ ሎሚ ኣብኡ ኣትየ ክትንትን ኣይመርጽን ኢየ። ሓንቲ ሓቢእካ ዘይትሕባእ ክሒድካ ዘይትከሓድ ሓቂ ግን ኣላ። ንሳ ከኣ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ትግራይን ከምቲ ገለ ቀለልቲ ልቢ ዝሓልሙዎን ዝሓስቡዎን ዘይኮነ ብሓደ ዝተወልደን ብሓደ ዝነብርን ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ብሓባር ክቃለስን ክስዋእን ዝጸንሔ ህዝቢ ምኳኑን ኢዩ። ኤርትራውያን ኣብ መተማ ኣብ ጐድኒ ሃጸይ የውሃንስ ተዋጊኦምን ተሰዊኦምን እዮም። ተጋሩ ከኣ ኣብ ኤርትራ ምስ ኣሕዋቶም ኤርትራውያን ኣብ ዶግዓሊ ተኸላኺሎምን ተሰዊኦምን እዮም። ተጋሩ ኣብ ሳሕል ተሰዊኦም ኤርትራውያን ከኣ ኣብ

ትግራይ ወዲቖም። መን ዝያዳ ተቓሊሱን ተሰዊኡን ግን ኣብ ሰላምን ርግኣትን ዘለዎ እዋን ክጽሓፍን ክትንተንን ንታሪኽ ዝግደፍ ኢዩ።

እቲ ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ መንጎ ክልቲኡ ኣህዛብ ዝተረኽበ ውግእን ጥፍኣትን ግን ብናይ ክልቲኡ ህዝቢ ድሌት ዘይኮነ ብመራሕቲ ዝተኣዘዘን ዝተፈጸመን ምዃኑ ንኹሉ ብግልጺ ክበርህ ይግባእ። መንግስቲ ይመጽእ መንግስቲ ይሓልፍ ህዝብን መሬትን ግን ነበርቲ ኢዮም። ኣበሃህላ ሓውና ዝገርሙ ግን እቲ ሽግር ኣባና ኣብ ኤርትራ ጥራሕ እምበር ኣብ ኢትዮጵያ እውን ካብ ናይ ኤርትራ ዝበዝሐን ዝሓየለን ከም ዘሎ ዝተረድኦም ኣይመስለንን። እወ ንሕና ኤርትራውያን ሽግር ኣሎና። ሽግርና ከኣ ሓደ ኢሳያስ ጥራሕ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ኢሳያስ ግን ሽግር ኤርትራ ጥራሕ ኣይኮነን። ንሱ ሽግር ኢትዮጵያ ብፍላይ ከኣ ሽግር ህዝቢ ትግራይ፡ ሽግር ኣፍሪቃ፡ ሽግር ዓለም እውን እዩ። ጸላእትን ሽግርን ኢትዮጵያ ግን ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ብዙሓትን ሓያላትን እታ ሃገር ሰላምን ቅሳነትን ከይትረክብ ብዘይ ዕረፍቲ ዝሰርሑን ዝጽዕሩን ኢዮም።

ኣብዚ ብቓልስን መስዋእትን ደምን ህዝቢ ትግራይን ጀጋኑ መራሕቲ ወያኔን ኣብ ኢትዮጵያ ሰፊኑ ዘሎ ጩራ ናጽነትን ሰላምን ዲሞክራስን ሎሚ ኢትዮጵያ ኣብ ባርነት መራሕቲ ወያኔ ወዲቓ ብዲክታቶርነት ትሳቐ ኣላ!! ብማለት ምስ ኢሳያስን ካልኦት ጸላእትን ኢትዮጵያ ተሓጋጊዞም ነዚ ዘሎ ስርዓት ኢትዮጵያ ንምውዳቕን ኣብ ኢትዮጵያ ህውከትን ናይ ዓሌት ውግእ ሓድሕድ ንምእጓድን ለይትን መዓልትን ዝቃለሱ ተጋሩ ከይተረፈ ዘለዉዎም ኢትዮጵያውያን ከም ዘለዉ እንተዝፈልጡስ ኣቶ ዝገርሙ እቲ ንዓና ዝበሉዎ ምደገምዎዶ ይኾኑ? ኣይመስለንን።

ብወገነይ እቲ ዝጽሕፎን ዝገልጾን ዘሎኹ ስለዝኣምነሉን ሓቂዩ ኢለ ስለዝቃለሰሉን እምበር ንወያኔ ወይ ንከም ሓውና ጽሓፋይ ኣቶ ዝገርሙ ዝኣመሰሉ ንምሕጓስን ንምምስሳልን ኣይይኮነን። ኣብ መርበብ ኢንተርነት ዝዝርጋሕ ጽሑፋት ንህዝቢ ክፈልጦምን ክመሃረሎምን እምበር ንሓለፍቲ ወይ መራሕቲ መንግስቲ ንምፍላጥ ወይ ምስኦም ንምርኻብ ኣይኮነን። ጽሑፋት ኣቶ ዝገርሙ ዘንበቡ ኤርትራውያን ጽቡቕ ገበሩኻ እንታይ ናብኦም ወሰደካ ዝብሉኒ ከም ዝህልዉ ኣይስሕቶን ኢየ። ኣብ መርበብ ዓይጋ ፎሩም ክጽሕፍ ዝመረጽኩሉ ምኽንያት ግን ምስ ኢትዮጵያውያን ብፍላይ ምስ ትግራዎት መጻረፊ ዝኾኑኒ መርበባት ኤርትራውያን ስለዝሰኣንኩ ዘይኮነ ከምዚ ናይ ሓውና ኣቶ ዝገርሙ ዝኣመሰሉ ኢትዮጵያውያን ወይ ትግራዎት ንምርካብን ምስኣቶም ንምምይያጥን ኢዩ። ዝኾነ ኮይኑ ግን ብወገነይ ካልኦት ደለይቲ ሰላምን ርግኣትን ዞባና ዝኾኑ ኤርትራውያን ኮነ ኢትዮጵያውያን ብፍላይ ከኣ ነቲ ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራን ትግራይን ክልተ ሓው ዝኾነ ህዝቢ ተፈጢሩ ዘሎ ጽልእን ቅርሕንትን ንምውጋድ ዝከኣለሉ ርእይቶ ክልግሱ ዝኽእሉ ለባማት እንተዝውሰኹና ኣይምጸላእኩን።

ፍትሒ መሓሪ
05/03/07